# መደበር ሶይራ ንሰብኣዊ መሰላት፡ ንኣህጉራዊ መዓልቲ ደቂ ኣንስትዮ ዘኪሩ

## ቤት ጽሕፈት ዜና
## ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን
## 23.03.2006

መደበር ሶይራ ንሰብኣዊ መሰላት፡ ን8 መጋቢት፡ ኣህጉራዊ መዓልቲ ደቂ ኣንስትዮ፡ ብዕለት 13.03.2006 ዘኪሩ ውዒሉ። "ሃለዋት ኤርትራውያን ደቂ ኣንስትዮ" ኣብ ትሕቲ ዝብል ኣርእስቲ፡ ሳምያ ረባሕ ኣተባህለት ናይ ሕጊ ኪኢላ፡ ብመንጽር ኣህጉራዊ ኣዋጅ ንሰብኣዊ መሰላትን፤ ኣህጉራዊ ስምምዕ ንቍጠባውን ማሕበራውን ባህላውን መሰላትን፤ ኣህጉራዊ ስምምዕ ጸረ ኵሉ ዓይነት ኣድልዎ ናይ ደቂ ኣንስትዮን፡ መሰል ጓል ኣንስተይቲ እንታይ ማለት ምዃኑ ኣብሪሃ። ከምኡ ውን፡ ኣብ ትሕቲ ስርዓት ኣስመራ፡ መሰላት ኤርትራውያን ደቂ ኣንስትዮ፡ እንታይ ከምዝመስል ገሊጻ።

መሰል ኤርትራዊት ጓል ኣንስተይቲ፡ ኣብ መዳይ ትምህርትን ጥዕናን እናንቆልቆለ ይኸይድ ከምዘሎ ዘረድእ፡ ኣሃዛዊ ጭብጥታት ኣሰንያ ኣቕሪባ። ከምኡ ውን፡ ሃገራዊ ኣገልግሎት ኣብ ትሕቲ ዝብል ሕጊ፡ ኣብ ልዕሊ ደቂ ኣንስትዮ ዝፍጸም ዘሎ ግህሰታት ፖለቲካዊ መሰላት ኣቃሊዓ።

ኣብ መደምደምታ ከኣ፡ ጓል ኣንስተይቲ ግዲኣ ኣብ ሕብረተሰብ ንኽትጻወት ክፍጸሙ ይግብኦም ዝበለቶም ጽዓታት፡ ብኸም'ዚ ዝስዕብ ኣገባብ ዘርዚራ።

1. ዲሞክራስን ግዝኣት-ሕግን ምርግጋጽ፤
2. ስርዓት ኣስመራ ብዝፈረመሉ፡ ኣህጉራዊ ስምምዓትን ሰነዳትን ክቕየድ፣
3. ናይ ደቂ ኣንስትዮ ባህላውን ሕጋውን ንቕሓት ክብ ምባል፤
4. ገጠራዊ ልምዓት ምርግጋጽን፡ ድኽነት ምምሓውን፤
5. ንዕብየት ደቂ ኣንስትዮ ዘረጋግጽ ሕጋጋት ምጽዳቕ።